# ንስኻ ሃሉ።

ንስኻ ሃሉ ኩሉ ክሓልፈሉ፣
ሳላኻ ጡሙይ ተዓንጊሉ፣
ጽሙእ ዝነበረ ጎሮሮ ጠሊሉ፣
ሕሙም ተሲኡ ተተይ ኢሉ።
ህዝቢ ተማሂሩ ፍትሒ ተሰላሲሉ፣
ገጠርን ከተማን ተደላዲሉ፣
ከትርን ዛላታትን ማይ ኣዋህሊሉ፣
ዲጋ ራህያታት ቐንበይበይ ኢሉ።
ሳላኻ መሬት ዘይነበሮ ተዓዲሉ፣
ወዲ ሃገር ኩሉ እልል ኢሉ፣
ኣንስታይ ተባዕታይ ተሓልዩ መሰሉ፣
ማዕርነት ብግብሪ ተመስኪሩሉ።
ጌጋ ዝገበረ ሕድገት ተገሩሉ፣
ጣዕሳ ዝብል ኣምር እንተተኸቲሉ፣
ከም ወዲ ሃገር ሕሉው'ዩ መሰሉ፣
ዓዱ ምእታው ኣይተርፎን ሓዲሩ ዊዒሉ።
ዓሶ ነበረ ኮይና ካብ ሃገር ኣልጊሳ፣
ኤድስ ቑሩብ ተሪፉዋ ክትከውን ሬሳ፣
ሞት ምላድ ትኪ ኾይና ሃሲሳ፣
ኣደ ብሰላም ውላዳ ሓሪሳ።
ከውሒ ዝነበረ ተሓሪሱ፣
ምድረበዳ ዝነበረ ተርኪሱ፣

ኣጸምእ ዝነበረ ማይ ኣፍሲሱ፣
ህዝቢ ጽሩይ ኣየር ኣስተንፊሱ።
ርሑቕ ዝነበረ ተዳህሲሱ፣
ኣድጊ በቕሊ ገመል ተሓጉሱ፣
ብዕራይ ብጊዲኡ ኣራጢጡ ደቂሱ፣
ብሂወት ከሎ ፍረ ቃልሱ ተኻሒሱ።
ትራክቶራት መሬት ክጽሕትራ፣
ቡልዶዘራት ጎቦታት ክትርትራ፣
ግሬደራት ኣጻድፍ ክሰግራ፣
ብግብሪ ተራእዩ ኣብ ሃገርና ኤርትራ።
ኣየ ውሕልነት ኣየ ቕያ፣
ሃገር መሲላ ሰኪዔት ብጽርግያ፣
ኣውቶቡሳት ይሕንበባ ካብ ናብ ብጉያ፣
ኣስመራ ተሰነይ ኮይና እምኒ ድርበያ።
ህዝቢ ተዓጢቑ ክደግም ቂያ፣
ንዝመጽእ ወሎዶ ክኸውን ኣርኣያ፣
ቀትርን ለይትን ጸሎቱ ሃገር’ያ፣
ተቀኒቱ መርገጽ ህዝባዊ ሻዕብያ።
ሕጂውን ንስኻ ሃሉ ኩሉ ክሓልፈሉ፤
ዝተረፈ እንተሎ ክትምልኣሉ፣
ሳላካ’ዩ እቲ ጽንኩር ዘመን ተሰጊሩ፣
በምሳያኡ ሓፋሽ ዓወት ተደሪሩ።
መጻኢ ኣየሸግረካን ብእዋኑ ትግምት፣
ንሎሚ ዘይኮነ ንጽባሕ ትጥምት፣

ትውድብ ተንቅሕ ተዕጥቅ ርሑቕ ተቋምት፣

ኮምኡ ስለ ዝኾነዩ ሃገር ዝስጉም ዘሎ ቕድሚት።

ሕቡራት መንግስታት ሪኢናዮ አንዲና፣

ፍትሒ ዘይብሉ ቔናን ዳኛ፤

ፍርዲ ዝህብ ከይሰምዔ ቃልና፣

ነብስና ክንክአል ስለ ዝበልናስ ኼና ገበነኛ።

ልብና ጥራህ ይኹን ሓደ፣

ዋላ እን ተመጸ ካብዚ ዝኸሓደ፣

ንቡርዩ ቀደም ዝተለምደ፣

ኣብ ሰውራ’ውን ኔይሩ’ዩ ካቡኡ ዝገደደ።

ኤርትራ ኣፍሪኺ ጀጋኑ ዝውፈዩ ንሃገር፣

መስመሩ ዘትሕዙ ንዝደናገር፣

ለይትን ማዓልትን ዝከላኸሉ ከይኣትወኪ ፈገር።

መን ኣሎ ከም ዋርሳይ ይካኣሎ ዝሰርሕ ቁምነገር።

ደጊም ይኣክል ዝሓለፈ ግርህና፣

ሳላ ዓቅሊ ቡዙሕ ተማሂርና፣

ይትረፍ ንሓፍነት ኣብ ሞንጎና፣

ክርዳድን ስርናይን ክንፈሊ ኣሎና።

ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ንሱዋኣትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።